**ዘበት ደቂስና ኢሰያስ**
**ምስ ጭፍሩኡ ከይተፈደ**

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*
*ብበርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

*ብመግዛእቲ ህግደፍ ዝነደደት ዝነደደ*
*ካብ ካናዳ ኒውዮርክ ዝኸደት ዝኸደ*
*ከም ህግደፍ ከይተገደደት ከይተገደደ*
*ብሰብ ኒሕ ተሐቢና ኤረትራዊት ኣደ*
*ደለይቲ ፍትሒ ካናዳ ኣመሪካ ወሰደ ወሰደ..*



*ልሳን ህዝቦም ኣጀና ቅሱን እዩ ሕልናና*
*መቃልሕ ናይ ቶም ዘይጠለሙ ሕድሪ ጀጋኑና*
*ኤረትራ ንኤረትራዊያን ቢልና ዘይዓጸፍና ቃልና*
*ንበዓል ደምና ባዕልና ኣይንጸበን ካልእ ክኣልዩልና..*

*ብልሳን ህዝቦም ድራኩላ ዓቅሉ ጸበቦ*
*መቃልሕ ህዝቢ ከም ቦምባ ምስ ዘነቦ*
*ናይ ህግደፋዊያን ንያት ተጸንቂቑ ሐቦ..*

*ኣብ ጀነቫ ጻሐይ ኣብ ኒውዮርክ ኣሳሐይታ ቁሪ*
*ኣለዉና ኣለዋና ኣውያት ህዝቢ ዘቃልሑ ብግብሪ*
*ኤረትራ ዓዲ ጀጋኑ ብዒደር መልሐሱ ዘይፈልጥ ነውሪ*
*ብባተንቲ ዘይብሉ ኣውቲስታ ክሳብ ማዓስ ክትዝወሪ..*

*ደቂ ኤረይ ዓለም ምስ ጠቕማ እያ*
*ኣይግዳ እንተ ተበተ ህዝቢ ኤረትረያ*
*ንኣርዮስ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ገራ ዋርድያ*
*ብርዒ ህግደፋዊያን ግን ኣይትውክላንያ..*

*ብቅልጽምና ብህዝባዊ ቃልሲ*

*ሰላማዊ ሰልፊ ያኣኽለና ሎሚሲ*
*ኣብ ባይታ ወሪድና ንሃብ መልሲ*
*ንሕማምና ክንረኽበሉ ፈውሲ..*

*ካብ ሰላማዊ ሰልፊ ወጺና ሃየ*
*ብገንዘብና ንድሕነት ህዝብና ንዕየ*
*ምስ ምክልኻል ሓይልታት ተዋሃሂድና ንጉየ..*

*ክውዕየካ ብማንካ ክዝሕለካ ብኢድካ*
*ከም ኤረትራዊ ተቓዋሚ ተመሲልካ*
*ተበላጺ ንኢትዮጵያ እንዳ ገሽካ*
*በቲ ሓደ ንጉጅለ ማፍያ እንዳ ሐገዝካ*
*ለውጢ ትጽበ ኣስመራ ሸናዕ እንዳልካ..*

*ንነጻነት ከምኡ ንሓርነት ከምኡ*
*ንፍትሐዊያን ጸኒሖም ክጻቡኡ*
*ዝነገሰ ንጉስና ኣብ ዝጸንሔ ጸኒሑ..*

*ኤረትራዊያን በለጽ ይኣኽለኩም*
*ዕምሪ ዲክታቶር ተናውሑ ንስኹም*
*ብሕቡእ ንህግደፍ እንዳ ሐገዝኩም*
*ዝበረቐ ጸሐይና ኣመል ኮይኑኩም..*

*ብደለይቲ ፍትሒ ንየማነ ረኣይዎ*
*ኤረትራ ንኤረትራዊያን ምስ በልዎ*
*ንወኪል ህግደፍ ርእሱ ዘይርዎ..*

*ብደለይቲ ፍትሒ ክበርቕዩ ጸሐይ*
*ኣውያትካ ሰማዒ ረኺቡ ህዝበይ*
*ፍርዶም ሰሚያም ገዋኑ ኣህባይ*
*ጉጅለ ማፍያ ጀሚሩ ምእዋይ..*

*ወኪል መን ኢኻ የማነ ገብረኣብ*

ብኽያት ሲዒሩካ ሲኢንካ ምዝራብ
ሕጂ ዶ ይሐይሽ ኢድካ ምጉልባብ

ንወኪል ዲክታቶር ሕተቱለይ ብተወሳኺ
ክንዲ ህግደፍ ዶ ክንዲ ኦሮሞ የማነ ማንኪ
ኣብ ቅድሚ ዓለም ክንዲ መን ደኒንካ ትበኪ
ጃንዳ ህግደፍ ከይፈረሰ የለን ኣርባዕተ ነጥቢ..



ኣብ 2010 ብደቂ ኤረይ ብሰራሕቲ ቅያ
ሐለቓኻ መግቡ ገዲፉ ንስኻ ብጽርግያ
ካብ ደለይቲ ፍትሒ ህድማ ኣይመሃረትካን ድያ
ብፍትሐዋያን ተዳሂልካ ኢድካ ኢድ ኦሮም ገርካያ
ሐለንጊ ዉጹዓት ኣብ ዓዲ ሕጊ ኣይትምሕርን እያ ..



ፎዝያ ንስኺ ብውሽጢ ብደገ ማንኪ
ሕድሪ ጠልምኪ ኣብ ሐሶት ኣሪግኪ
መራሒኹም ድራጉላ ምኒስተራቱ ዘርጊ
ፎዝያ ኣብ ኤረትራ ኣሎዶ ፍትሒ ሕጊ..

ፎዝያ ለይት ትድቅሲ ዶ ትስንብዲ
ህዝቢ ሕጊ ሲኢኑ እንዳ ገደፈ ዓዲ
ምሕሳው ጀሚርኩም ብሐዲሽ ቅዲ
ግና ይጽበየኩም ኣሎ ህዝባዊ ፍርዲ..

ንዋዕሮታት እኒ ምርያም ኣስተር ጠሊምኪ
ንመን ኢኺ ብሕጊ ኣብ ቤት ፍርዲ ዘቕረብኪ

ፎዝያ ምስ ምኒስተራ ጃንዳ ህግደፍ ከማኺ
ፍትሒ ምስ ነገሰ እንዳመን ክትኣትዊ ኢኺ..

ጀነራል ፍሊጶስ ናይ ኢሰያስ ዋህዮ
ንጅግና ወዲ ዓሊ እወ ጠሊምካዮ
ሰብ ኣለዋ ዓዲ ጀጋኑ እንተ ፈሊጥካዮ
ገንዘብ ሃገር ዱባይ ስዊስ ዘስገርካዮ
መሲሉካ እንበር ዘበት በሊዕካዮ..

ፎዝያ መሳርሒ ጃንዳ ህግደፍ ተሸምኪ
ፎዝያ ቅዋምን ሕግን እንተ ዝህልወኪ
ንሌባ ፍሊጶስ ምስ ዓርኩ ዘይፈረድኪ..

ብጾትኪ ብዘይ ፍርዲ ተኣሲረን
ፎዝያ እግባይ ከይብላ ጠበቓ ገረን
ኣብ ፍርዲ ከይቀርባ ፍትሒ ሲኢነን
ንሱ ትርፉ ምኒስተር ህግደፍ ም኷ን
ፎዝያ መንሸሙኪ ወኪል ኤረትራዊያን..

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና.
ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና
ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና